**ሓዳሽ መጽሓፍ!**

**"ኤርትራ ....ጉዕዞ ኣብ ተዘክሮታተይ"**

**ብኣምባሳደር ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ**

ብ06/07/2012 ኣብ ሆቴል እምባሶይራ፣ ብኣምባሳደር ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ ብዓረብኛ ዝተደርሰት ሓዳሽ መጽሓፍ "ኤርትራ .... ጉዕዞ ኣብ ተዘክሮታተይ" ተመሪቓ። ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ ኣስታት 500 ዝግመቱ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲን ግንባርን ፣ ካድረታት መንግስቲን ግንባርን ፣ ሰብ-ሞያን ምሁራትን ፣ ደቀ'ንስትዮን መንእሰያትን ተሳቲፎም። ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ ኣጋጣሚ ፣ ኣምባ/ባዱሪ ነዛ መጽሓፍ ንምጽሓፍ ዘደረኾ ምኽንያታት ድሕሪ ምዝርዛር ፣ ዝወሰደሉ ግዜን ጻዕሪን ጠቒሱ፣ እታ መጽሓፍ ኣብ ተዘኮሮታቱን ኣብ'ቲ ንሱ ዝዋዓሎን ዝተሳተፎን ዘተኮረት ምዃና ሓቢሩ። ተመሳሳሊ መጻሕፍቲ ብሕጂ'ውን ከዳሉ ምዃኑ ድማ ጠቒሱ። ብትግርኛ ተቶርጕማ ከኣ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ እዋን ክትዝርጋሕ ምዃና ፣ ብቛንቋ እንግሊዝ'ውን ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ናይ ዝመጽእ ዘሎ ዓመት ክትሕተም ከምዝኾነት ሓቢሩ። ንኹሎም ነዚ ስራሕ'ዚ ንምስላጥ ዝሓገዝዎን ፣ ኣብ'ዚ ናይ ምምራቕ ስነሰርዓት ዝተሳተፉን'ውን ኣመስጊኑ።

ስዒቡ ኣምባሳደር ዓብዱ ሄጂን ፕሮፌሰር ተይሲር ሙሓመድ ዓሊን ብዛዕባ ትሕዝቶ መጽሓፍን ፣ ርእይቶኦምን ሓሳባቶምን ገሊጾም። ኋል ደራሲ ወ/ሪት ዛህራ ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ'ውን ብወገና ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ንወላዲኣ ብቛንቋ ኢንግሊዝ ዝገጠመታ ግጥሚ ኣስሚዓ። ካብ'ዚ ቀጺልና ነቲ ዝነበረ ህየሳን ግጥሚን ነቕርብ።

**ብኣምባ/ዓብዱ ሄጂ ዝቐረበ ርእይቶ።**

- ፈለማ ንብጻየይን መምህረይን ኣምባ/ ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ ዮሃና እብል። ንነዊሕ እዋን ብሃንቀውታ ክንጽበያ ዝጸናሕና መጽሓፍ እንሆ ሎሚ ተወዲኣ ኣብ መመረቕታ ብምብጻሓ ንኣቡ ጣህር እንቋዕ ኣሐጎሰካ እብል። ነቶም ነዚ ስራሕ`ዚ ኣብ መፈጸምትኡ ንምብጻሕ ኩሉ ዘድሊ ዘበለ ሓገዝን ምትብባዕን ዝገበሩ፣ ብፍላይ ብዓልቲ ቤቱ ብጸይቲ ኣምና ሓሰን ናይብን፣ ደቁ ሶይራን ዛህራን ድማ እንቋዕ ሓጎሰኩም፣ እንቛዕ ኣሐጎሰና እብሎም።

❖ ኣብ 1980 ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ኣብ ዓንበርበብ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ፣ ኣብ ፕሮግራም ዓረብ ምስ ተመደብኩ እየ ንኣቡ ጣህር ንመጀመርያ ግዜ ዝተላለኽዎ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፣ ምስ ክቡር ሚኒስተር ብጻይ ተስፋይ ገብረስላሴ ብሓባር ሓለፍቲ ዜና እዮም ኔሮም። ካብ ሽዑ ጀሚረ ፣ ብጻይ ባዱሪ ፣ ንቑሕ ፣ ብሱል ፣ ሓያል ጸሓፋይ ፣ ንህልው ኩነታት ብውድዓዊ ኣገባብ ዝትንትን ክኢላ ፣ ከም ሰብ ከኣ ኣዚዩ ሕውስን ምቕሉልን ኮይኑ ረኺበዮ። ካብኡ ድማ ብዙሕ'የ ተማሂረ።

❖ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ፣ ኣብ ስነስርዓት ምምራቕ ናይ'ዛ መጽሓፉ ቃለይ ክህብ ሓቲቱኒ። ብግልጺ ንምዝራብ ፣ ንዘቕረበለይ ሕቶ ንምቕባል ኣመና ጸጊሙኒ። ተማሃራይ፣ መምህሩ ንዝጸሓፎ መጽሓፍ ክህይስ ከቢድ'ዩ ኢለ ድማ መሊሰሉ። ናይ ግድን ክትገብሮ ኣለካ ስለዝበለኒ ግን ፣ እነሆ እናተሰከፍኩ ዓቕመይ ዘፈቕዶ ሓናጢጠ ቀሪበ'ለኹ። ከም'ቲ ንሱ ዝተጸበዮን ዘሓሰቦን ክኸውን ድማ እትስፎ።

❖ "ኤርትራ.. ጎዕዞ ኣብ ተዘክሮታተይ" 12 ምዕራፋት ዘሓዘለት ፣ 474 ገጽ ዘለዋ፣ International Printing House ኣብ ዝብሃል ትካል ኣብ ካይሮ ግብጺ ዝተሓትመት መጽሓፍ'ያ። ኣብ ገበራ፣ ሓደ ናብ ርሑቕ ዘማዕዱ ብዕድመ ዝደፍአ፣ በታ ጸጋመይቲ ኢዱ ድማ ሓውሲ መላጥ ዝኾነ ርእሱ ዝሓክኽ ስብኣይ ኣሎ። እዚ ሰባኣይ'ዚ፣ ንርሑቕ እናኣማዕደወ ፣ መጻኢና ፣ መቐጸልታ ሕሉፍን ህልዊን ታሪኽና ከምዝኾነ ይእምተልና። ኣብ ዳሕረዋይ ገበር ናይ'ዛ መጽሓፍ ሓጺር ሌላ ምስ ደራሲ'ሎ። ኣቡ ጣህር ብ1947 ኣብ ሕርጊጎ ከም ዝተወልደ፣ ኣብ 1968 ኣብ ሶርያ ዩኒቨርሲቲ ሓለብ ሕክምና ይመሃር ከምዝነበረ፣ ኣብ 1970 ትምህርቱ ኣቛሪጹ ናብ ሜዳ ከምዝተሰለፈ ትገልጽ። ኣብ መስርሕ ቃልሲ ከኣ ብዝተፈላለዩ ጽፍሕታት፣ ኣብ ፖሊቲካዊ፣ ዜናዊን ዲፕሎማስያዊን ዓውድታት ይነጥፍ ከምዝነበረ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ቀዋሚ ወኪል ሃገረ ኤርትራ ኮይኑ ከምዘገልገለ ትገልጽ።

❖ "ኤርትራ .... ጉዕዞ ኣብ ተዘኩሮታተይ" እምብኣር፣ ደራሲ ባዕሉ ብኸም'ዚ ይገልጻ "ነዛ መጽሓፍ ክደርስ ከለኹ ከም'ቶም ናይ ታሪኽ ተመራመርቲ ዝገብሩዎ ኣካዳሚያዊ መጽናዕቲ ወይ ድማ ሓቅታት ታሪኽ ንምስፋር ኣይተበገስኩን። ተዘክሮታተይን ኣብ መድረኽ ቃልሲ ዝተሳተፍኩዎን ዝተሓወስክዎን ፍጻሜታትን ኩነታትን ኢየ ኣስፊረ ዘለኹ። ካብ'ቲ ሰፊሕ ባሕሪ

ፍጻሜታት ሰውራ ኤርትራ በቲ ዝመረጽኩዎ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ፣ ውልቃዊ ተመክሮ ምስ'ቲ ሓባራዊ ተመክሮ እናሓዋወስኩ ክቕርብ ፈቲነ ኣለኹ" ይብል።

- ሚኒስተር ጸዓትን ማዕድንን ኣቶ/ኣሕመድ ሓጅ ዓሊ ብወገኑ ነታ መጽሓፍ ምስ ኣንበባ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ገሊጽዋ "እዛ መጽሓፍ'ዚኣ ናይ ኡስታዝ ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ ዛንታ ህይወት ዲያ ወይስ ዛንታ ብዙሓት ወለዶታት፧ ወይ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፧ … ጉዕዞ ኣብ ተዘኩሮታተይ ንኹሉ'ዚ ዘጠቓለለት እያ። ኡስታዝ ኣቡ ጣህር ካብ መዋእለ ህጻናት ጀሚሩ ናብ ትምህርቲ ዓለም ናብ ሜዳ ውግእን ብርዕን ፣ ቀጺሉ ድማ ናብ ዲፕሎማሲን ጋዜጠኝነትን ዑደት ከነካይድ ይወስደና። ኣብ'ዚ ነዊሕ ጉዕዞ'ዚ መንነትን ሃገርን የናዲ'ዩ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ረኺቡዋ። ክረኽባ እንከሎ ግን ከም'ቲ ግሪኻዊ ፍላስፋ ኣርኪሚደስ ዝገበሮ .. ረኺበያ .. ረኺበያ .. ብምባል ዓው ኢሉ ጥራሕ-ነብሱ ጎዩ ኣይጨደረን። እንታይ ደኣ ፣ ነቲ ዛንታ በቲ ልዑልን ወናምን፣ መሃዚን መሳጢን ብርዑን ልስሉስ ቃላቱን ገይሩ ብስነጥበባዊ መልከዕ ገሊጹ ኣቕሪብልና" ይብል ሚኒስተር ኣሕመድ ሓጅ ዓሊ። ናይ ብሓቑ ሓያል ትዕዝብቲ እዩ።
- ብወገነይ "ጉዕዞ ኣብ ተዘክሮታተይ" ብሓደ ወገን ውልቃዊ ታሪኽ ህይወት፣ በቲ ኻልእ ሸነኽ ከኣ ኣገደስቲ ምዕራፋት ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ እትገልጽ መጽሓፍ ኮይና'የ ረኺበያ። ኣብ ነፍስ-ወከፍ ምዕራፍ ናይ'ዛ መጽሓፍ፣ ርእሱ ዝኸኣለ ሓተታን ትዕዝብትን ክጸሓፍ ምስ ተኻእለ። ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ'ዚ ዝተዋህበኒ ጊዜ ውሱን ስለዝኾነ ፣ ርእይቶይን ትዕዝብተይን ኣብ'ዘን ዝስዕባ ነጥብታት ከጠቓልለን መሪጸ ኣለኹ።

ሓያል ጎኒ ናይ'ዛ መጽሓፍ

- ጽንኩርን መሪርን ኣጀማምራ ሰውራ ኤርትራ ድሕሪ ምግላጽ ፣ ንኹነታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ኣካይዳኣን ጠቒሱ ፣ ነቲ ኣብ ዓዘቕቲ ፍሽለት ዝሸመማ ኩነታት ብኸም'ዚ ይገልጾ፤ "ካብ መፈለምትኡ ተ.ሓ.ኤ ኣብ ጸቢብ ፍልልያትን ድሑር ኣርኣእያን ተጸሚዳ ኢያ ትጓዓዝ ዝነበረት። ንጹር ራኢን፣ ሱጡም ውህደትን ፣ ሰውራዊን ብሱልን ስነሓሳብ ዝተነፍጎ ውድብ ትመርሕ ስለዝነበረት ንቕድሚት ክትስጉም ከቶ ዘይካኣል እዩ ኔሩ" ይብል። ኣስዒቡ ንኩነታት ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታትን ህዝባዊ ግንባርን ብሰፊሑ ይዝርዝር። ከምኡ'ውን ኣብቲ ጊዜ'ቲ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ ኣንጸላልዩ ዝነበረ ውሽጣዊን ግዳማዊን ሓደጋታት ብሰፊሑ ይገልጽ። ተጋደላይ ዘሕለፎ ምረትን ስቅያትን ፣ ሰውራ ኤርትራ ዝገጠሞ ብደሆታት፣ ኩናት ሓድሕድ ዘስዓቦ

ክሳራን ኣሉታዊ ስንብራትን ይትርኽልና። 40 ዓመታት ዝሓለፎም ፍጻሜታት ዘኪሩ ድማ፣ ሰባትን ቦታን ዕለትን እናጠቐሰ ብዝርዝር የዘንትወልና። ኣእምሮ ደራሲ ዘይርስዕ .... ዘይዝንግዕ ... ዘየሕልፍ ም'ኳኑ ሓደ ካብ'ቲ ሓያል ጎድኒ ናይ'ዛ መጽሓፍ ኮይኑ ረኺበዮ።

- ❖ ዕላማኻ ንምውቃዕ ፣ ስነ-ሓሳብ ፣ ራኢ ፣ ንቑሕን ኣብ ዕላምኡ ዝኣምንን ተባዕ መሪሕነት ከምዘድሊ ፣ ደራሲ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ምዕራፍ ናይ'ዛ መጽሓፍ ደጋጊሙ ብትሪ ዝጣበቐሉ ስነ-ሞጎት እዩ። እዚ ነጥቢ'ዚ ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ኣዕኑድ ናይ'ዛ መጽሕፍ`ዩ እብል። ደራሲ፣ ስነ-ሓሳብ ፣ ራኢን ብቑዕ መሪሕነትን እንተዘይህሉ ፣ሰውራ ኤርትራ ነንሓድሕዱ ተበላሊዑ፣ ኣንፈቱ ኣጥፊኡ ፣ምስ ጊዜ ምቐሃመ ኔሩ ይብል። ኣብ'ዚ መዳይ`ዚ፣ በዘዕባ`ቲ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ሓይልታት፣ ቀጺሉ ድማ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ፣ብምስጢር ዝተመስረተን ብምስጢር ዝነጥፍ ዝነበረን ሰልፊ የዘንትወልና። ኣብ ገጽ 126 ዘስፈሮ እጠቅስ "ዲሞክራስያዊ ሓይሊ ፣ ካብ'ቲ ኣብ ልዕሊ ስውራ ኤርትራ ኣንጸላልዩ ዝነበረ ሓደጋ ንምንጋፍ ፣ምስጢራዊ ሰልፊ ክምስረት ግድን ኔሩ። መትከላቱ ፣ ኣገባብ ኣሰራርሕኡ ፣ ዕላማታቱን ፣ ሰውራዊ ስነ-ሓሳቡን ኣነጺሩ ነዲፉ" ድሕሪ ምባል "እዚ ሰረት`ዚ፣ *'ሰውራዊ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ'* ዝተሰምየ ዲሞክራሲያዊ ሰውራዊ ሰልፊ ብዕለት 4/4/1971 ኣብ ጎቦታት ገደም (ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ) ከምዝቖውም ጌሩ" ድማ ይብል። ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ክቐርቡ ዝኽእሉ ሕቶታት ብዙሓት እዮም። እዚ ሰልፊ`ዚ ከመይ ጌሩ'ዩ ንነዊሕ ዓመታት ሚስጢራውነቱ ክዕቅብ ዝኸኣለ፧ ከመይከ ይሰርሕ ኔሩ፧ ትካላዊ ቅርጹ እንታይ ይመስል ኔሩ፧ እንታይከ ኣፍርዩ፧ ኣብ መወዳእታኸ እንታይ ኮይኑ፧ ዝብሉ ሕቶታት ደራሲ ኣብ ብዙሕ ዝርዝራት ከይኣተወ ብሕጽር ዝበለ ኣስፊርዎ'ሎ።
- ❖ ኣብ'ዛ መጽሓፍ ፣ ደራሲ ፣ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት ፣ ዝምድና ቀዳማይን ካልኣይን ወገን ፣ ኣብ ውሽጡ ዝተኸስቱ ምዕባሌታት ፍሉይ ኣተኩሮ ሂቡ ተዛሪብሉ ኣሎ። ነቲ ዝነበረ ጽንኩርን ዝተሓላለኸን ሓደገኛ ዝኾነ ኩነታት ብሰፊሑ ድሕሪ ምግላጽ ፣ ንጹር ስነ-ሓሳብን ራኢን ዝሕመረቱ ሓድነት ክልቲኡ ወገናት ህዝባዊ ሓይልታት ብዝርዝር ኣስፊርዎ ይርከብ። ኣብ'ዚ ጉዳይዚ'ውን፣ ሓድነት ንምምጻእ ስነ-ሓሳብን ራኢን ከምኡ'ውን ሓያልን ንቑሕን መሪሕነት ወሳኒ ረጃሒ ም'ኳኑ ደጋጊሙ የስምረሉ። ንጹር ስነ-ሓሳብን ንጹር ራኢን ተባዕ መሪሕነትን እንተዘይህሉ ፣ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ቀጻሊ ሕንፍሽፍሽን ሓድሕዳዊ ምብልላዕን ጥሒሉ ናብ ውድቀት መምረሐ ኔሩ ድማ

ይብል። ካብ'ዚ ስነ-መጎት`ዚ ብምብጋስ'ዩ ድማ፣ ህላዌ ምስጢራዊ ሰልፊ ኣዝዩ ኣገዳሲ ከም ዝነበረ ኣትሪሩ ዝጣበቕ። "ሓፋሽ ይንቃሕ፣ ይወደብ፣ ይዕጠቕ" ዝብል ጭርሖ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ፣ ርክብ መሪሕነትን ተጋደልቲን ዘደልድል መካኒዝም ኣብ ምምሃዝ ፣ንተጋደልቲ እዋናዊ ምዕባሌታት ዝከታተሉ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ፣ ፖሊቲካዊ ንቕሓት ተጋደልቲን ሓፋሽን ክብ ዝብሉ ኣገባባት ኣብ ምፍጣር፣ ነቐፌታን ርእሰ-ነቐፌታን ኣብ ኩለን ኣሃዱታት ከም ባህሊ ዝዝውተረሉ ኣገባባት ኣብ ምትእትታው ወሳኒ ተራ ከምዝተጻወተ ከኣ የብርህ።

- ካልእ ናይ`ዛ መጽሓፍ ሓያል ጎድኒ ዝብሎ ፣ ደራሲ ፣ ኣብ 1974 ድሕሪ ምውዳቕ ስርዓት ሃይለስላሴ ዝተፈጥረ ናይ ኪዳን ለውጢታት ኣልዒሉ፣ ነቲ ዝነበረ ሕልኽላኻት ብሰፊሑ ምግላጹ'ዩ። ኣብ ሰነዳት ዴሳውያን ስልፊታት ሕብረት ሶቭየትን ምብራቕ ጀርመንን ዝተረኽበ ሓበሬታ ምርኩስ ብምግባር ፣ ክልቲኣቶም ሰልፍታት ንስርዓት ደርግ ዝገበርዎ ደገፍን ሓገዝን ይዝርዝር። ኣብ መንጎ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሕብረት ሶቭየትን ደርግን ፣ ምብራቕ ጀርመንን ደርግን ፣ ርክባት ክልቲኡ ሰልፍታት ምስ መሪሕነት ጀብሃ፣ ቀጺሉ ድማ ምስ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ዘጠቓለለ ፣ ኣስታት 19 ሰነዳት ተርጒሙ ኣቕሪቡልና ኣሎ። እዞም ዝተፈላለዩ ሰነዳት'ዚኣቶም ፣ ኣብ ልዕሊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኣልሙ ውዲታት ክሳብ ክንደይ ሓደገኛታት ከምዝነበሩ፣ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ህዝባዊ ግንባር ዘውረድዎ ማህሰይቲ ዘቃልዑ ኣዚዮም ኣገደስቲ ሰነዳት እዮም። ስለዝኾኑ ፣ ኣብ'ቲ መወዳእታ ናይ'ዛ መጽሓፍ ከም ጥብቆ ቀሪቦም እንተዝኾኑ ብዙሕ ጽቡቕ ኔሩ እብል።
- ብዘይካ'ዚ ተመክሮ ህ.ግ. ካብ ቀዳማይ ጉባኤ ጀሚሩ ፣ ስትራትጂካዊ ምዝላቕ ፣ ምምስራት ድምጺ ሓፋሽ፣ ምእታው ተ.ሓ.ኤ ናብ ሱዳን፣ ፍሽለት ወተሃደራዊ ወራራት ደርግ ክሳብ ካልኣይ ውድባዊን ሓደነታዊን ጉባኤ የዘንተወልና። ቀጺሉ ምፍራስ ግንባር ናቕፋን ምድምሳስ ናደው እዝን ዝኸሰቶ ሓዲሽ ወተሃደራዊን ፖሎቲካዊን ዲፕሎምሲያዊን ኩነታት ጠቒሱ፣ ሰላማዊ ዘተ ህዝባዊ ግንባርን ደርግን ዘኪሩ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ባጽዕን ኣስመራን ዝፈጸሞ ቅያ ብምዝርዛር መጽሓፉ ይዛዝም። ኩሉ'ዚ ተደማሚሩ መርኣያ እምነትን ተወፋይነትን ጽንዓትን ኣብ ልዕሊ ምኳኑ፣ ነጸብራቕ ንጹር ራኢን ስጡም ውድብን ከምዝኾነ፣ እቲ ዝተፈጸመ ቅያን ዓወትን ድማ ክብርን ሓበንን ንህዝቢ ኤርትራን ንውድብ ህ.ግ. ሓርነት ኤርትራን ምኳኑ የስምረሉ።
- ዝዓበየ ክፋል ናይ'ዛ መጽሓፍ ኣብ'ቲ ፖሎቲካዊን ውድባዊን ዲፕሎማሲያዊን ንጥፈታት ህዝባዊ ሓይልታትን ህዝባዊ ግንባርን ዘተኮረ እዩ። ንወተሃደራዊ

ንጥፍታት ብዝምልከት፣ ደራሲ "ዝርዝራት ወተሃደራዊ ስርሒታትን ግጥማትን ነቶም ኣብ ዓውደ ኩናት ዝወዓሉ ተባዓት ተጋደልቲን ፣ ነቲ ኲናት ዝመረሑን ዓወታት ዘጎናጸፉናን ሰውራ ኤርትራ ዝፈጠሮም ጀነራላት .... ባዕሎም ከዘንትዉዎ ዝሓሸን ዝበለጸን ስለ ዝኾነ ነዖኦም ገዲፈዮ ኣለኹ" ኣብል።

**ቀጺለ ኣብ'ዛ መጽሓፍ'ዚኣ ዚያዳ ዝስሓበንን ዝመሰጠንን ክጠቅስ፣**

- ደራሲ ፣ ኣስማት ብዙሓት ገዳይም ተጋደልቲን መራሕቲን ዘርዚሩ ፣ ነቲ ሽው ዝነበረ ምረት ጹንኩር ኩነታትን ገሊጹ ፣ ንትብዓቶምን ኣድማዒ ተረኦምን ብምጉላሕ ፣ ክሳብ ክንደይ ምዕቡል ኣተሓሳስባን ብቕዓትን ከምዝነበሮም ብደቂቑ ምግላጹ መሲጡኒ። ነዞም ውፉያትን ብቑዓትን ብጾቱ ብምዝካር ፣ ኣብ'ዛ መጽሓፍ ዝግበኦም ክብርን ታሪኻዊ ቦታን ክህቦም ምኽኣሉ ኣድኒቐዮ። ካብኡ ናብኡ ድማ ንኲናት ሓድሕድ ብዝምልከት ዘርዚርዎም ዘሎ ሓቅታትን ንሱ ዘስዓቦ ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራን ምስ ኣንበብኩ ክገልጾ ዘሸገረኒ ምረትን ሓዘንን ተሰሚዑኒ ፣ ከይተፈለጠኒ ድማ ንብዓተይ ኮረር ኮረር ኢለን ወሪደን።
- ደራሲ ፣ ንሓይሊ ባሕሪ ህ.ግ. (ባሕሪያ)ን ባሕረኛታትን ኣመልኪቱ ፣ ኣብ እዋን ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታትን ብድሕሪኡን ፣ ኣስማቶም እናዘርዘረ ፣ ኣብ'ቲ ጽንኩርን መሪርን ኩነታት ንዝተጻወትዎ ተራ ብምዝካር ዘስፈሮ ታሪኽ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ጉዕዞኦም ዘጋጥሞም ዝነበረ ህቦብላ ባሕርን ፣ ንሱ ዘስዕቦ ዝነበረ ቅሳነት-ኣልቦ ኩነታትን ተጻዊሮም፣ ኣብ መንጎ ደቡብ የመንን ኤርትራን ዘመላልስዎም ዝነበሩ ዉጉኣት ፣ ብረትን ፣ ተተኰስቲን ፣ ስንቅን ካልእን ኣመልኪቱ ዝጻሕፎ ፣ ከምኡ'ውን ውልዶ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ በቲ ዝነበሮ ውህሉል ተመክሮ ተጠቒሙ ኣብ 1990 ኣብ እዋን ሓርነት ባጽዕ ዝተጻወቶ ወሳኒ ተራ .... ብጽፉፍን ንዝንኡ ብዝበቅዕ ቋንቋን ከቕርቦ ምኽኣሉ ኣዚዩ ዘኹርዕን ዘሕብንን እዩ።
- ካልእ ዝስሓበኒ ነጥቢ ፣ እቲ ብዛዕባ ኣበርክቶ ደቀንስቲዮ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ኣስፊርዎ ዘሎ ሓቅታት እዩ። ኣብዛ መጽሓፍ ፣ ንቃልሲ ደቀንስቲዮን ዝነበረን ኣድማዒ ተራን ኣብ ኣስታት 60 ገጻት ዘርዚሩ ኣቕሪብዎ'ሎ። ዘጋጥመን ዝነበረ ሽግራት ብብዙሕ መገዲን ኣገባባትን ዘርዚሩ፣ ንኣበርክቶአን ፣ ተረአን፣ ትብዓተን ፣ ተወፋይነተን ፣ ተጻዋርነትን ፣ ጸንዓተን ፣ ቆራጽነትን ፣ ጅግንነትን ፣ መስዋእተን ተንቲኑ ብህያው መርቶያታት ኣሰኒዩ ከቕርቦ ምኽኣሉ ሓደ ካብ'ቲ ብሉጽነት ናይ'ዛ መጽሓፍ'ዩ ክብል እደፍር። ደራሲ፣ ብዘይ ተሳታፍነት ደቀንስትዮ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክዕወት ኣይምኻኣለን ዝብል

ብተደጋጋሚ ዘስምረሉ ሓቂ'ዩ። ኣብ'ዛ መጽሓፍ ቀሪቡ ዘሎ ቃለ-መጠይቓት ፣ ነዓና ንተጋደልቲ ስለ ንፈልጦ ነዊሕን ዝርዝርዊን ኮይኑ ይስመዓና ይኸውን። ነቲ ቃልሲ ዘይፈልጥዎ ግን ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ'ዛ መጽሓፍ'ዚኣ ተዘርዚሩ ዘሎ ዛንታ ቃልሲ ደቀንስትዮ ኤርትራ ፣ መሳጢን ኣገራሚን ኣብ ርእሲ ምዃኑ ኣዚዩ ዘኹርዕን ዘሕብንን ታሪኽ እዩ።

**ኣብዛ መጽሓፍ ዘለኒ ትዕዝብትታት፣**

- ኣብ መቕድም ናይ'ዛ መጽሓፍ ፣ ደራሲ "ኣብ'ዛ መጽሓፍ ኣስፈረዮ ዘለኹ ኣካዳሚያዊ መጽናዕቲ ወይ'ውን ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣይኮነን። ተዘኩሮታተይን ዝተሳተፍኩዎን ዝወዓልክዎን ፍጻሜታት በዝመስለኒ ኣገባብ ጌረ ኣቕሪበዮ ኣለኹ" ይብል። ይኹን'ምበር ፣ ኣብ ዝኾነ መጽሓፍ ፣ ታሪኻዊ ፍጻሜታት፣ ታሪኻዊ ክሲ ወይ'ውን ታሪኻዊ ነቐፌታን ፍርዲን ኣብ ዝቐርበሉ ግዜ ምንጪ ሓበሬታን ሰነድን ክቐርብ ግቡእ'ዩ። ምኽንያቱ፣ ነቲ መጽሓፍ ዝያዳ ሓቀኛን እሙንን ሰነድ ስለዝገብሮ።
- ደራሲ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ወገናት ህዝባዊ ሓይልታት ፍልልይ ከምዝነበረ ይጠቅስ። ኣብ ዝርዝራቱ ከይኣተወ ግን ናብ ካልእ ጉዳይ ይዘልል። ካብ ዝነበሩ ፍልልያት ገለ እንተዝጠቅስ እሞ ዝነበሩ ፍልሊያት ብኸመይ ከምዝተፈትሐ እንተዝነግረና ጽቡቕ ምኾነ እብል። ኣብ ህዝባዊ ግንባር ፣ ሰልፍን ግንባርን ስለዝነበረ ፣ እዚ ከመይ ተወሃሂዱ ይሰርሕ ኔሩ ፣ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ዝተራእዩ ብድሆታት ከመይ ከምዝተሰግሩ እንተዝነግረና ተመራጺ ምኾነ። ኣብ ህ.ግ. ሕጽረታት ወይ'ውን ውሽጣዊ ጸገማት እንተነይሮም ኣብ ከም'ዚ ዓይነት መጽሓፍ ክጥቀሱ ጽቡቕ ምኾነ ድማ እብል። እታ መጽሓፍ ሚዛን ዝሓለወት ወይ (balanced) ምኻነት ዝብል እምነት ኣለኒ።

ብኣጠቓላሊ፣ እዛ መጽሓፍ'ዚኣ ውጽኢት ነዊሕ ስዓታት ስራሕን ሓያል ትግሃትን ጻዕርን እያ። ንኣካዳሚያዊ መፅቀኒታትን መምዘኒታትን ንጎኒ ገዲፍና ፣ ሕሉፍ ታሪኽ እትምስክር ኣዚያ ሃብታም ሰነድ እያ። ስነሓሳብናን ራኢናን እተሀብትም፣ ስንቂን ዋልታን መጻኢ ወለዶታት ክኸወን ዝኽእል ረዚን ተመክሮ ዝሓዘለት መጽሓፍ'ውን እያ። ኣምባ/ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ ዘሕብን ታሪኽ ናይ'ዚ ወለዶ'ዚ እዩ መዝገቡልና። ጥሙር ስነሓሳብን ራኢን ከምዘዐወተና ፣ ሓያል ውዳበን ንቕሓትን ከነድምፅ ከምዝሓገዘና ኣብ መስርሕ ቃልሲ ንጹር ራኢ ዝነበሮ ተባዕ መሪሕነት ከምዘጥረና፣ መሪር ቃልሲ ከምዘሕለፍና፣ ከቢድ መስዋእቲ

ከምዝኸፈልና፣ ንወለዶታት ክመሓላለፍ ዝኽእል ሃብታምን ስጡምን ታሪኽ ከምዘሎና ….. እተትርኽ መጽሓፍ ከም ህያብ ስለዝሃብካና ብልቢ እመስግነካ። ኣገናዕ ኣቡጣህር ድማ እብለካ።

ኣብ ተዘክሮታትካ ጀሚርካዩ ዘሎኻ ጉዕዞ ክቕጽል እላበወካ። እዚ ጉዕዞ'ዚ ብድሕሪ ሕጂ ደው ክብል ወይ ክስናኸል ከም ዘይንደልን ከም ዘይነፍቅድን ኣቐዲመ ክሕብረካ እፈቱ። ኣብ ሓንጎልካን ሓንጎል መሳቱኻን "ገዳይም ተጋደልቲ" ዘሎ ተዘክሮታት ፣ ናይ ህዝቢ ንብረት ስለዝኾነ ፣ ኣረክቡና ዝብል ጻዊዕት ብቐጻሊ ይቃላሕ ኣሎ። ኣብ ሓንጎልኩም ዘሎ ህያው ታሪኽ፣ ንብረትኩም ዘይኮነስ ንብረት'ዛ ሃገር እዩ'ሞ ኣረክቡና።

የቐንየለይ፣

ዓወት ንሓፋሽ!!!

******************************
***************************************

ካብዚ ቐጺሉ ድማ ፕሮፌሰር ተይሲር መሓመድ ዓሊ ዋና ኣካያዲ Peacebuilding Center for the Horn of Africa ብዛዕባ “ኤርትራ ... ጉዕዞ ኣብ ተዘክሮታተይ” ዝቐረቦ ርእይቶ ጸሚቕና ነቕርብ።

- “ኤርትራ .... ጉዕዞ ኣብ ተዘክሮታተይ'' ብድብዱቡ ከም'ዚ ዓይነት መጽሓፍ እያ ኢልካ ምዝራብ ኣጸጋሚ እዩ። ኣርእስቲ መጽሓፍ ናይ ሓደ ወልቀ-ሰብ ታሪኽ ሂወት እዩ ዝእንፍት። ግን ኣይኮነን። ንዝተፈላለዩ ጉዳያት ዝሓቘፈት መጽሓፍ ኮይና ረኺበያ። ታሪኽ ወልቀሰብ፣ ታሪኽ ህዝቢ፣ ቃልሲ ህዝቢ፣ ጆግራፍ ሃገር ፣ ስነሓሳብን ፍልስፍናን ዘጠቓለለት መጽሓፍ እያ።
- ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ፖሎቲካ ፣ ዲፕሎማሲ ፣ ማሕበራዊን ባህላዊን ኩነታት ኣብርክቶ ዝነበሮ ተጋዳላይ ፣ ዝህቦ ርእይቶን ዝምስክሮ ሓቅታትን ዝሓዘለት መጽሓፍ እያ። ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ምረቱን ሕሰሙን ፣ ዝሓለፎ መሰናኽላትን ብደሆታትን ፣ ሰውራ ዝተጎናጸፎም ዓወታትን ፣ ኣብ ባይታ ዝገበሮም ለውጥታትን እተዘንቱ እያ። ንትብዓትን ጅግንነትን ኤርትራውያን ፣ ንጽንዓቶምን ቅየኦምን እተትርኽ ፣ ኣብ ገድሊ ምእንቲ ናጽነት ዝተኸፍለ መስዋእቲ እተዘንቱ መጽሓፍ'ውን እያ። ብኣጠቓላሊ ነቶም ኣብ ገድሊ ዘይተሳተፉ ብፍላይ ድማ ንሓድሽ ወለዶ ዝተዳለወት መጽሓፍ እያ ክብል እደፍር።
- ደራሲ፣ ንጎዕዞ ተዘክሮታቱ ብምስዓብ ብዙሓት ጉዳያት ክንፈልጥ ኣኽኢሉና። ህዝባዊ ግንባር ሓያል ውዳበን፣ ስትራተጂካዊ ራኢን፣ ንጹር ስነሓስብን ከምዝነበሮ ክንርዳእ'ውን ኪኢልና። ዞባዊን ኣህጉራዊን ዝምድናታት ሰውራ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ምስ ዒራቕ ፣ ሶርያ፣ ግብጺ ፣ ሱዳን ፣ ደቡብ የመን ፣ ክወይት ፣ ሶማል ዝነበሮ ዝምድና'ውን ዘርዚሩልና። ረብሓ ኣሜሪካን ሶቭየት ሕብረትን ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍርቃ ፣ ንሱ ዝፈጠሮ ሕልኽላኻትን ሃሲያን ፣ ንሱ ዘስዓቦ ምትእትታው ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ ክሳብ ክንደይ ኣሉታዊ ጽልዋ ከምዝነበሮን ክሳብ ክንደይ ንህላዌኡን ቀጻልነቱን ዝደናደን ከምዝነበረ ብሰነዳት ደጊፉን ተንቲኑን ኣቕሪቡልና።
- እዛ መጽሓፍ ብቐሊልን ፣ ልዙብን ፣ ላዛ ብዘለዎ ቋንቋን ኢያ ተጻሒፋ። ከቢድ ጻዕርን ግዜን ከምዝወሰደት ድማ ርዱእ እዩ። ደራሲ ፣ ንኣብያተ ንባብ ኤርትራን ተመራመርቲን ኣገዳሲ ሰነድ ኣበርኪቱ'ሎ። ነዛ መጽሓፍ ብምንባብ ብዙሕ ዘይንፈልጦ ዝነበርና ክንፈልጥ ኪኢልና'ለና። የቐኒየልና ኣምባሳደር ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ።

*************************

ኣስዒብና ጓል ደራሲ ወ/ሪት ዛህራ ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ በዚ ኣጋጣሚ ንወላዲኣ ዝደረሰታ ንኹሉ ዝመሰጠት ግጥሚ ነቕርብ።

## GREAT FREEDOM WRITERS

************************************************

Who are those freedom writers
Who are those mighty fighters?
Are those who swore?
Not to leave their heroes behind
Who are those freedom writers?
Of this great land
Those who chose pen
To be their weapon
Yet never hesitated
As doors of fear start to open
Those who ended
Endless wars with a full stop
Those who defeated the enemy
With ever rising pride & great hope
Those whom words today
Stand proudly on the paper shore
Their eyes of happiness
Tears of success they wore
Yet those who wrote the story
Of our great fathers
Those who helped raise a nation
With dignity and peace
Those who carried the responsibility
In finishing the mission
Of our great martyrs
Those who suffer
For their words to survive
Not knowing when glory will arrive
Those who stepped on their happiness
And chose their history to save
Those are great freedom writers
Who write for the generations to know
For their heroes in graves to glow
Standing today in light
Yet not open doors but gates
For words of honor and wisdom to ignite

***By: Zahra Ahmed Tahir Baduri***